

# ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት

መርሃዊ ወልደሚካኤል

**ብመጀመርያ፡ 'ኤርትራዊ' 'ሃገራዊ' 'መንነት' ዝብሉ ቃላት እንታይ የመልክቱ ምርኣይ ኣገዳሲ ኢዩ።**
**ኤርትራዊ፡-** ነቲ ልኡላውነት ኤርትራ ብመበቈል ይኹን ብትውልዲ እትብጽሖ ኤርትራዊ ዜጋ የመልክትን የድህብን የጠቓልልን።
**ሃገራዊ፡-** ዜጋታት ብዛዕባ ሃገሮም ዝምልከት ዘለዎም ጉዳያትን ስምዒታትን ራኢታትን ናይ ሓባር ውጽኢታትን የካትት።
**መንነት፡-** ንውልቀ-ሰባት ይኹን ንእኩብ፡ ዝገልጹ ፍሉያት ገጸ-ባህርያትን፡ እምነታትን ክብርታትን ዘጠቓልል ኲይኑ፡ ንናይ ገዛእ ርእሶም፡ ብመንጽሩ ድማ ምስ ካልኦት ዘለዎም ዝምድናታት፡ ንዘለዎም ቀልብን ዝውክል ኢዩ።
**ሃገራዊ መንነት፡-** ንውልቀ-ሰባት ናይ ሓንቲ ሃገር ብናይ ይብጽሓኒ ስምዒታት፡ ናይ ሓባር ክብርታት፡ ልምድታትን ባህላዊ መለለዩታት ዘሕብር ኢዩ። ብዛዕባ ሓባራዊ ስምዒታት ናይ ሃገራውነት፡ እሙንነትን ብዛዕባ ሃገርካ ዘለካ ሓበን የጠቓልል። እዚ ድማ ዝበዝሕ ግዜ ብታሪኽ፡ ቋንቋ፡ ሃይማኖት፡ ልምድታት፡ ስነ-ጥበብ፡ ስፖርት፡ ብፖለቲካውያን ማሕበራውያን ትካላት ቅርጺ ይሕዝ። ሃገራዊ መንነት፡ ንብዙሕነት ባህላዊ ድሕረ-ባይታን፡ ብሄራትን ሃይማኖታትን ዘተኣናግድ ኢዩ። መምስ ግዚኡ ድማ ዝፍልቖን፡ ብከም ዓለም-ለኻውነት፡ ፍልሰት፡ ማሕበራውን ፖለቲካውን ለውጥታት፡ ባዕዳዊ ርክባትን ዝኣመሰሉ ደጋውያንን ውሽጣውያንን ረቛሒታት ክጽሎ ይኽእል ኢዩ።

ፈለማ ጥቕሚ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ምግንዛብ የድልየና። ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ነቶም ዝተፈላለየ ድሕረ-ባይታዊ መንነትን መለለዩታትን ዘለዎም ኤርትራውያን ዜጋታት ብምጥማር ብዛዕባ ሃገሮም ዘለዎም ስምዒታትን ከማእዝንሉ ዝህሉ ኣገዳሲ ዓንዲ ህላወን ጥፋኣትን ሃገር ኢዩ። ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ብዝሓለፈ ሓቢሮም ዝሰርሕዎ ታሪኽን ናይ ምጽውዋርን ምርድዳእን ተመኩሮታቶም ብምውህሃድ፡ ናይ ሓባር ሰላም፡ ውሕስነትን፡ ቁጠባን መጻእን ናይ ክሰርዑ ዝደልዩ ኤርትራውያን ቀንዲ መሳርሒ ኢዩ።

ኤርትራ ብዘይ ኤርትራውነት ክትሰራዕን ክትሕለንን ኣይትኽእልን። ኤርትራ ክትህሉ እደልያ ኢያ ዝብል፡ እንተኾነ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነትን ራኢን ክህሉ ዘይደሊ፡ ሰብ ኰነ እኩብ፡ ዓላቒ ወይ በሃም ኢዩ። ናይ ብዙሓት ሃገራት ዜጋ ንኽትከውን ናይቲ ሃገር ቋንቋ፡ ባህልን ታሪኽን ክትፈልጥ የድልየካ። ገሊኦን'ውን ቅድም ነታ ሃገር ክትከላኸለላ ምዃንካ ምእማንን ምምሓልን ይጠልባ። እዚ ነቶም ሓደስቲ ዜጋታት ኣብ መስርዕ ዝጸንሑ ናተን ሃገራዊ መንነት ንምስጣም ዝግበር ክውንነታዊ ልምዲ ኢዩ። ድኽምቲ ትኹን ሓያል፡ ሰብኣዊት ትኹን ኢሰብኣዊት፡ ነፍሰ-ወከፍ ሃገር ናይ ገዛእ-ርእሳ ዘስርራ ወይ ትልኽ ዘብላ ሃገራዊ መንፈስን ትንፋስን ኣለዋ። ነዚ መንፈስን ትንፋስን ንምርካቡን ንምዕቃቡን ድማ ብድሆ ኢዩ።

ህግደፍ ዝሰርዖ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ንዝጥዕሞ ፖለቲካዊ ስልጣንን ግበታኡን ንኽዓዝዝ ተጠቒሙሉ ዶ እንተኢልና፡ መልሱ እወ ኢዩ። እዚ ማለት ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ዘይኮነ እቲ ጌጋ ወይ ስግኣት፡ እቲ ግንባሩን ስርዓቱን ጥራይ ኢዩ ጌጋ ክህልዎ ወይ ስግኣት ክፈጥር ዝኽእል። ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት መሳርሕን መስርሕን ሓንቲ ጽንዕትን ሓያልን ሃገር ኢዩ። ስለዚ ድማ ኢዩ ኣብቲ ዝተኣማመነሉ ሰልፍና ንኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ዓንዲ ማእከል መትከላትና ዝገበርናዮ። ገለ ሃገራት ጐረባብትና ከይተረፋ፡ ሃገራዊ መንነተን እንተ ብጸቢብነት ክሰርሓኦ ክብላ፡ ወይ ድማ ብግቡእ ክኹስኩሶኦ ስለዘይከኣላ ክመቐቐላ፡ ኣብ ሕንፍሽፍሽ ክነብራን ንሪአን ኣለና። ስለዚ ኢዩ ይሕደረለይ ዘይበሃሎ ዕዮ ጌርና እንወስዶ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ነቲ ናይ ሓባር መለለዪ ዝኾነ ክብርታት ማለት ኢዩ፡ እዚ ድማ ከም ጻዕራምነት፡ ጋሻ ተቐባልነት፡ እሙንነት፡ ተጸዋዋሪን፡ ተቐላሳይነትን ተወፋይነትን ዝኣመሰሉ ክኾኑ እንክለዉ፤ ነቲ ህዝብና ብሓባር ዝርእዮ ራኢ፡ ሰብኣውነት፡ ቁጠባዊ ብልጽግና፡ ውሕስነትን ሰላምን ዘጠቓልል'ውን ኢዩ። እቶም ንፍትሒ ንቃለስ ዘለና፡ ንሰልፈይ ሃገራዊ ሰልፊ ደሚርካ፡ ዜጋታት ስለዝኾንና'ውን፡ ኣብ ምርግጋጽ እቲ ቅኑዕን ሓቛፍን መሪሕን ዝኾነ ሃገራዊ መንነት ሓሳብናን ጻዕርናን ክነበርክት ኣለና። እዚ ብኽልተ መገድታት ክረጋገጽ ይኽእል፡

1) ነቶም ብናይ ውሽጥን ደገን መታለልቲ ሓይልታት ዝተሳእለን ክብዳህ ዝድለን ዘሎ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ብምግምጋም፡ ነቲ ቅኑዕን ሓቛፍን መሪሕን ሃገራዊ መንነት ዘለና ራኢ ናብ ህዝቢ ምቕራብ።
2) ናትናን ናይ ካልኦት ዜጋታትን ብሓባር ኬንና ዝተለምናዮ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ክንጉስጉሰሉን፡ ክንዕቅቦን፡ ክንከላኸለሉን ወለዶታት ከማዕብልዎ ዘለዎም ሪም ምግባሩን።

ብሓጺሩ፡

- ናይ ህግደፍ ትልምን ሜላን ኣሰራርጻን ኣዘናትዋን ሃገራዊ መንነት ንቐጻልነት ኤርትራ ሓደገኛ ስለዝኾነ፡ መተካእትኡ ክህሉ ኣለዎ ክንብልን ክንእምምን ይግብኣና።
- ናይ ህግደፍ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነትን፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ንባዕሉን ከይፈላለኻ ወይ ሓናፊጽካ ብኣልማማ ምጥቃሙን ምውቅዑን ወይ ናይ ስንፍና ምልክት ወይ ናይ ጣቋ ኣይኮነን። ነየናይ ወይ ናይ ኣየናይ ሃገራዊ መንነት ኢኻ ትዛረብ ዘለካ ኢልካ ምሕታትን ምብዳህን የድልየና።
- እቲ ሓቀኛ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት (እዚ ናይ ህግደፍ ሃገራዊ መንነት ይኹን ንኻልኦት ንኤርትራዊ ስነ-ልቦና ናብ ግምት ዘየእተዉ ኣተሃናንጻታትን ኣየጠቓልልን) ከም ኩለን ሃገራዊ መንነታት መሳርሒን መስርሕን መውሓስን መበልጸግን ኤርትራ እምበር ጸረ፡ ስግኣት ወይ ዕንቅፋት ካልኦት ክኸውን ኣይክእልን።
- ኤርትራ ክሳብ ዘላ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ኣሎ። ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ክሳብ ዘሎ ድማ፡ ኤርትራ ኣላ። ሓዲኦም እንተኣብኲሩ ድማ ሓዲኦም ፍጹም ይህሰዩ ወይ ይጠፍኡ።

ብተወሳኺ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ኣብ ጽልኢ ትግራይ ዝተሰረተ ኢዩ ዝብል ግጉይ ጥራይ ዘይኮነስ ሓደገኛ ኣዘናትዋ ይጋዋሕ ኣሎ ኢዩ። እዚ ድማ ብሕልፊ ብናይ ትግራይ ፖለቲካውያን ሓይልታትን ሊቃውንትን ከደጋገምን፡ ገለ ካብ ኤርትራ ዝጸቡ ሕንጻያት ኤርትራውያንን ከቃላሕን ጸኒሑ ኢዩ። ህግደፍን ንሱ ዝፈጠሮ ሕሉፍን ዕዉርን ሃገራውነት ድማ ካብኡ ብዘይሰንፍ ተራ ተጻዊቱ ንረኽቦ። ስለዚ ድማ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ደጊም ክውቃዕ ዘይምፍቃድ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ምዝራይ'ውን ናብ ዘድልዮ ኩነታት በጺሑ ኣሎ። ካብ ህግደፍን ዕሙታት ደገፍቱን፡ ካብ ካልኦት ጸበብትን ድኹማትን ካልኦት ዜጋታት፡ ካብ ባዕዳውያን ሓይልታት፡ ካብ ናይ ማእከል ኢትዮጵያን ናይ ትግራይን ሓይልታት ዝመጹ ኣዕነውቲ ማዕበላውያን ማህሰይቲ ከነድሕኖ ይግባእ። ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ኣብ ጽልኢ ትግራይ ዝተመስረተ እንተዝኸውን ኔሩ ህዝቢ ትግራይ ኤርትራውያን ነቲ ንሃገርና ንምምላስ ዝተኻየደ ናይ 30 ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ኣይምተሳተፎን ኣይምደገፎን ኔሩ።

ድሕሪ 2008 ግን ናይ ክልቲኦም ፖለቲካዊ ሓይልታት ብዝፈጠርዎ ረጽሚ፡ ህዝቢ ክልቲኡ ሸነኻት ንክልቲኦም ሓይልታት ኣሚኑን ስዒቡን ዝኸፈሎ ናይ ያሒት ሰብን ጥቡቕ ዝምድናን ክሳራ ኣጋጢሙ ኢዩ። ብምዕናው ሓድሕድን ተጻይነትን እቲ ኣይሕሾ እቲ ኣይሓምቆ ኢዮም። ኣዘናታትዋታት፡ ዘመተታትን ተግባራትን ክልቲኦም ሓይልታት ንህዝቢ ኤርትራ ይኹን ንህዝቢ ትግራይ ሰቡ ኣየድሓነሉ ብቑልሲ ዘመስከሮ ዝምድናኡ ኣይመለሰሉ። ብተወሳኺ፡ ሓይልታት ትግራይ ንባዕሎም፡ ሃገራዊ ዶ ብሄራዊ መንነት እናበሉስ ንሕና ክህልወና ዘይድለየሉ ምኽንያት እንታይ ኢዩ? ኢትዮጵያዊ ሃገራዊ መንነት ክሰርሑ ስለዝፈረሱ፡ ብሄራዊ መንነት ንኽሰርሑ ስለዝተበድሁ ንምንታይ ናብ ካልእ መንነት ምውጥዋጥ። ህግደፍ ኢዩ ምስራሕ ከሊኡና እንተኢሎም ድማ፡ ናብ ህግደፍ ወይ ናቱ ኣተሃናንጻ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት (ጭብጥታት ብምቅራብ) ከም ድላዮም የወጣውጡ። ናብቲ ክኸውን ዘለዎ ኤርትራ ከም ሃገር ከጽንዓን ከቐጽላን ዝኽእል ቀንዲ መንኰርኰር ዝኾነ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነትና ምውጥዋጥ ከ እንታይ ኣምጾኦ።

እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ምኽንያት ውርደት ህዝብናን፡ ምኽንያት መንቀሊ መቃለሲናን ምዃኑ ሓቂ ኢዩ—ንዓና ኣይጠቐመ ንኸባቢና። እዚ ግን ንኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ንምጥቃዕን ክህሉ ዘይምድላይን ብቑዕን ቅኑዕን ምኽንያት ኣይኮነን። ጸረ-ህግደፋዊ ኤርትራውነት ምዃንን ጸረ-ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ምዃንን ንጹር ክልተ ኢዩ። እቶም ጸረ-ኤርትራውነት፡ ነቲ ሓቀኛ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ኰነ ኢልካ ምስ ናይ ህግደፍ ፖሊሲታት ብምድዋስ ኣብ ጽልኢ ትግራይ ከም ዝተመርኰሰ ክጉስጉሱ ጸኒሖም ኣለዉ። እዚ ዘመተ እዚ፡ ብዘይካ እቲ ከስዕቦ ዝኽእል፡ ብቐጥታ ካብ ኤርትራውያን ዝመጽእ ቁጥዐን ብሸነኽ ህዝቢ ትግራይ ድማ ግጉይ ምልዕዓልን፡ ብግልባጡ ንትግራያዊ ብሄራዊ ወይ ሃገራዊ መንነት ኣብ ጽልኢ ኤርትራዊ ህላወን መንነትን ከም ዝምርኰስ የእንፍትን የረጋግጽን ጥራይ ኢዩ ዘሎ። እዚ ድማ ርእሱ ዝኸኣለ ሓቢርና እንኽፍሎ ሓደገኛ ውጽኢት ክህልዎ ኢዩ። እቲ ምኽንያት ዘይመድለዪ ምስራር ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ካብ ርእሰ-ምትሓት፡ ጌጋ ቅማረ፡ ናይ ምስፍሕፋሕ፡ ጸቢብነት፡ ዕሽነት፡ ወይ ውዲት ብዙሕ ዝርሕቕ ኣይኮነን።

**ዝኾነ ዜጋ ናይ ዝኾነት ሃገር ንሃገራዊ መንነት ዝጸልእ እንተወሓደ ካብዚኦም ሓደ ምስ ዝኸውን ኢዩ፡**

**ጸቢብ፡** ማለት ምትእኽኻብ ዝተፈላለዩ ሕብረተ-ሰባት ጭንቕ ዝብሎ፡ ጸረ-ብዙሕነት ወይ ራዕዲ (ፎብያ) ናይ ብዙሕነት ዘለዎ፡

**ኣስፋሕፋሒ፡** ንኣብ ሃገር ዘሎ ጸጋ ምትእስሳርን ውህደትን ህዝብታት ብምብታን፡ ናይ መሬትን ህዝብን ሃጻያዊ ባህጊ ዘለዎ ናይ ውሽጥን ይኹን ናይ ደገ ሓይሊ፡

**ዓማጺ፡** ነቲ ናቱ ይኹን ናይ ካልኦት ሃገራዊ መንነት በቲ ንሱ ዝደልዮ ክወስዶ ዝደሊ ጉሒላ፡

**ሰራም፡** ነቲ ደቂ ሓንቲ ሃገር ብሓባር ብሃገራውነቶም ዘጥረይዎ ቁጠባዊ ይኹን ማሕበራዊ በረኸት ከም ምንጪ ስግኣት ርእዩ ካብ ምስፍሕፍሑ ክኽልክል ዝደሊ እከይን፡

**ዓሻ፡** ማለት እንታይ ይገብር ከምዘሎ ዘይፈልጥ መፍረስን፡

**ዘየገናዝብ፡** ናይ ዓለም ህሉው መሳርዕ ኣካይዳ ብሃገር ዝተመስረተ ምዃኑ ምዝቈማ ኣንዳዕዲዑ እናፈለጠ፡ ንሰብኣውነትን ዶብን ኣብ ሓደ ግዜን ስፍራን ክህልዉ ዝእግሞ ህወይ ዝተዘባረኞ ኢዩ።

ንምውዳን ዝኣክል፡ ኩሎም እዞም ንኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ካብ ህግደፍ ከይፈለዩ ክሃርምዎ ዝፍትኑ መስሓትያን ሓይልታት፡ ብማዕረ ተሓተትቲ ዝኾነ ዝመጽእ መከራ ኢዮም። ክሳብ ነጻጺሎም ዘይረኣይዎን ዘይሰርሕሉን ድማ ስትራተጅያውያን ስግኣታትን ቀጺሎም ድማ ጸላእቲ ምዃን ዘይተርፍ ኢዩ። ንኤርትራውነት ብድፉኑ ዘይምቕባልን ከትጻብኦ ምፍታንን፡ ንልኡላውነት ኤርትራ ንምኽሓድን ምውጋድን ዝግበር ምውስዋስን ልምምድን ኢዩ እሞ ኣይንተሃመል።

## ስለዚ እቶም ብሓቅን ብልቦናን ኤርትራ ክትቕጽል እንደሊ ኤርትራውያን ክንገብሮ ዘለና እምበኣር እዚ ዝስዕብ ኢዩ።

1) *ንኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ህላዌኡን ንምርግጋጽ፡ ነቲ ሓቀኛ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ካብቲ ናይ ህግደፍን ናይቶም ብዓንደ-ርእሱ ክህሉ የብሉን ዝብልዎን (ምኽንያቶምን ድሕረ-ባይታኦም ብዘይገድስ) ክሳዕን ክሳብን ዝፍለ ሓያል ዘመተ ምክያድ። ነቲ 'ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት' ዝብል ርእሱ ዝኸኣለ ምዃኑ ምንጻርን ናብ ሓቀኛ ትርጉምን ኣጠቓቕማን ንምትሓዙ ክንለማመድ ይግባኣና።*
2) *ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ብናይ ዜጋታቱ ድሕረ-ባይታን ክውንነትን መጻኢን እምበር፡ ከምቲ ብጽልኢ ጓኖት ክኸውን ዘይብሉ ብፍቕሪ ጓኖት ከምዘይህነጽ ምንጻርን ምርግጋጽን።*
3) *ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ማእከል፡ መሰርሕን ናይ ሓባር ረቛሕን ናይ ኤርትራ ተቓውሞ ምግባሩን፡ ምስ ኩሎም ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ዘይቅበሉ ናይ ፍልልይ መስመር ምሕንጻጽ።*
4) *ድሕርዝን ምናልባት ጐኒ-ጐንን፡ ካብ ቀንዲ ዕማምና ከየታርፉና፡ ናብ ለውጥን ምኹስኳስ ሃገራዊ መንነትና ከነድህብ ምእንቲ'ውን፡ ግድን እንተዘይኰይኑ ብጓኖትን ብዜጋታትን ነንዝሃውተተ ኣቒልቦ ምኽላእ።*

**ለካቲት 2024**